## እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮሮና-ቫይረስ ሳርስ ኮቭ 2

- ✓ ገለ ካብቲ በዚ ቫይረስ ዝተለኽፈ ሰብ ዘርእዮ ምልክታት ሰዓል፣ረስኒ፣ ጸረርታ ናይ ኣፍንጫ፣ ተኸታትሊ ምህንጣስ፣ ኣብ ጎረሮኻ ሕርኽርኽ ዝብል ስምዒት ከምኡ'ውን ሓሓሊፉ ናይ ውጽኣት ምልክታት ይርኣይ።
- ✓ ካብቲ መልከፍቲ ዘጋጠመና መዓልቲ: ምልክታት ክሳብ 14 መዓልቲ ድሒሩ ክረኣይ ይከኣል።
- ✓ እዚ ቫይረስ'ዚ ንዓበይትን ህጻውንትን ብማዕረ የጥቅዕ። በዚ ቫይረስ ዝተለከፈ ሰብ ነድሪ ሳምቡእን ሓፈሻዊ ሕጽረት ናይ ምስትንፋስ ከጋጥሞ ይኽእል። ካብቶም ዝተለኸፉ ሰማንያ ሚእታዊት (80%) ድማ ክሳብ ሞት ዘብጽሕ  ሓደጋ ኣየንጸላልዎምን። ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ ናይ ሞት ሓደጋ ዘጋጠሞም ብዕድመ ዝደፍኡን ሕዱር ሕማም ዝጸንሖምን ከኾኑ እንከለዉ: ነቲ ሕማም ንምክልኻል ዝውሰድ ክታበትን መከላኸሊ መድሃኒን ድማ ክሳብዚ እዋን'ዚኣይተበጽሐን ዘሎ።

## ኮሮና-ቫይረስ ብኸመይ ይመሓላለፍ፧

- ✓ ኮሮና-ቫይረስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ። ናይዚ ቫይረስ ቀንዲ መተሓላለፊ መንገዲ ካብ ኣፍና ዝወጽእ ንጣር ክኸውን ኮሎ: ብቐጥታ ኸኣ ንስርዓተ ምስትንፋስ ናይ ኣካላትና የጥቅዕ። እቲ ኻልኣይ መተሓላለፊ መንገዲ ኸኣ ካብ ካልእ በቲ ቫይረስ ዝተለኸፈ ሰብ ዝሓዞ ድሕሪ ምሓዝና፥ ካብ ኢድና ናብ ኣፍና፥ ኣፍንጫና፥ ዓይንና ድሕሪ ምሓዝና ይለግበና።
- ✓ ቅድሚ 14 መዓልታት ናብ ሰሜናዊ ክፋል ጥልያን ከምኡ'ውን ናብ ሃገረ ኢራን በጺሖም ዝተመለሱ ገያሾ ወይ ድማ በዘን ዝተጠቕሳ ሃገራት ዝሓለፉ ገያሾ  በዚ ቫይረስ ክልከፉ ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ።

## እቲ ሕማም ንኸይላባዕ ክንገብሮም ዝግበኣና ጥንቃቐታት

- ✓ ኣብ ንስዕለሉ ወይ ንህንጥሰሉ እዋን ካብ ሰብ ክንርሕቕ ብዝበለጸ ድማ ንሰብ ሕቖና ክንህቦ ይግባእ። ኣብ ንስዕለሉን ንህንጥሰሉን እዋን ሰፍት ናይ ኣፍንጫ ተጠቒምና ነቲ ካብ ኣፍናን ኣፍንጫናን ዝወጽእ ፈሳሲ ብግቡእ ዓቕርና ናብ ጎሓፍ ከነእትዎ ይግባእ።
- ✓ ኣእዳውና ቅድሚ ምሕጻብና ኣብ ገጽና ዝግበር ምትንኻፍ ብፍላይ ድማ ዓይንና: ኣፍናን ኣፍንጫናን ካብ ምሓዝ ክንቑጠብ ይግባእ።
- ✓ ብምትንኻፍ ናይ ኢድ ዝግበር ሰላምታ ከነወግድ ኣለና። ከም ተወሳኺ'ውን ኣእዳውና ክሳብ 20 ካልኢት ዝኸውን ደጋጊምና ብሳምናን ማይን  ክንሕጽብ ይግባእ።
- ✓ ብተወሳኺ: ዝኾነ ናብ ጀርመን ዝኣትዉ ገያሾ: መርመራ ናይ ኮሮና ቫይረስ ይግበረሎም። መርመራ ኣብ ዝግበረሎም እዋን ድማ ኣብ ዝሓለፉ  14 መዓልታት ዝበጽሑወንን ዘዕረፉለንን ሃገራት ምሕባር ንስራሕና ሓጋዚ ይገብሮ።

## ምልክታት ናይዚ ሕማም ምስ ዝረኣየና እንታይ ክንገብር ኣለና፧

እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስ ዝረኣየና ንኣብነት፡ ሰዓል: ናይ ኣፍንጫ ጸረርታ: ኣብ ጎረሮኻ ሕርኽርኽ  ዝብል ከም ዓኸታ መሳሊ ከምኡ'ውን ረስኒ ምስዝህልወና: ናብዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ናይ  ህጹጽ እዋን  ረዲኤት ዝህባ ትካላት ምሕባር ይከኣል።

- ✓ **ኖይሙንስተር:** ካብ ሰዓት 8:00 ክሳብ  ሰዓት 12:00 ከምኡ ,ድማ ናይ ድሕሪ ቐትሪ ካብ ሰዓት 13:00 ክሳብ  ሰዓት 18:00  ኣብ ህንጻ ቑጽሪ 3
- ✓ **ቡሽቴት:** ካብ ሰዓት 8:00 ክሳብ   ሰዓት 12:00 ከምኡ ,ድማ ናይ ድሕሪ ቐትሪ ካብ ሰዓት 13:00 ክሳብ  ሰዓት 16:00 ኣብ ህንጻ ቑጽሪ F1A
- ✓ **ረንስቡርግ:** ካብ ሰዓት 8:00 ክሳብ  ሰዓት 12:00 ከምኡ ,ድማ ናይ ድሕሪ ቐትሪ ካብ ሰዓት 13:00 ክሳብ  ሰዓት 16:00 ኣብ ህንጻ ቑጽሪ 27

እዘን ናይ ህጹጽ እዋን ረዲኤት ዝህባ ትካላት ምስ ዝዕጾዋ ድማ: ንጽባሒቱ ኣብቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ናይ ስራሕ ሰዓታት ምምጻእ ይከኣል። ምልክታት ስለዝረኣኻ ጥራሕ ለይቲ ናብ ሕክምና ምኻድ ከምኡ'ውን ናይ ህጹጽ ጻውዒት ምግባር ኣየድልን።

በቲ ቫይረስ ከም ዝተለኸፍካ እኹል መረጋገጺ ምስ ዝ ህልወካ ፥ ኣብቲ ዘለኻሉ ክፍሊ ብምጽናሕ ክሳብ ተወሳኺ ሓበሬታ ዝወሃበካ ኣብኡ ኾንካ ምጽባይ ይግባእ። ኣብቲ ዘለኻሉ ኣድላይ ዝኾነ ሕክምናዊ  ምክንኻን ድማ ይግበረልካ።

**ተወሳኺ መብርሂ ወይ ድማ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም: ናብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ናይ መወከሲ መደበራት ከምኡ'ውን ናብ ቀይሕ-መስቀልን ከምኡ'ውን ብዮዋኒተር ዝልለይ ትካል ግብረ ሰናይ ብምኻድ ተወሳኺ ሓበሬታ ምውካስ ይከኣል።**